# ሰላዩ ሮቡዕ
# Spy Wednesday

ንባባት፡ ኢሳ 50፡4-9፥ማቴ 26፡14-25

ኣብ ላቲናዊ ስርዓት ዝኽተሉ ቅድሚ ትንሣኤ ዘላ ሮቡዕ ሰላዩ ሮቡዕ (Spy Wednesday) ይብልዋ። ቀንዲ ምኽንያት ከአ በዚ ዕለት ይሁዳ አስቆሮታዊ ሓደ ካብቶም 12 ሓዋርያት ኣብ ሊቃነ ካህናት ከይዱ ንኢየሱስ ብ30 ብሩር አሕሊፉ ክህቦም ዝተሰማምዓሉ ዕለት ስለ ዝኾነ እዩ። ከምቲ ቃሉ ዝምስክሮ ሰልዩ ንጎይትኡ አሕሊፉ ክህቦ ምቹእ ዕለት ይጽበ ነሩ። አይሁድ ክሕዝዎ እሞ ክቐትልዎ ምቹእ ጊዜ ይጽበዩ ነሮም ይሁዳ ከአ ነዚ ከተግብረሎም ስለ ዝተሰማምዐ ምቹእ ጊዜ ምስ ረኸበ ኸአ ሓቢርዎም ኸው ሒዞም ቀተልዎ። ጨካን ውሳኔ ንሓደ እትፈትዎን ዓርክኻን ዓቢ ሰብ ምስኡ ንነውሕ ዝተጎዕዛካ ክትጠልም ከቢድ እዩ። ይሁዳ ነዚ ከቢድ ውሳኔ ከመይ ገሩ እዩ መሪጽዎ ዘገርም እዩ። እንተ ኾነ ኣብዚ ዓለም እንርእዮ ዘሎና እዩ። ንዓመታት ብሓንሳብ ዝተጓዕዙ ክጠላለሙን ክቃተሉን ክፈላለዩን መዓልቲ መዓልቲእንርእዮን እንሰምዖን እዩ። ሰባት ተጣለምቲ ኢና።

ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ስራሕ ስለያ ዝኸፍአን ከቢድን ጨካንን እዩ። ዝስሊ ነቶም ዝርእይዎም ጥውይን ሓንቲ ክፉእ ዘይገብር ኮይኑ ክርአ እዩ ዝጽዕር፥ ዝገብሮን ዘርእዮን ዝተፈላለየ እዩ። ገለ እዋን ነቲ ዝቕተል ሰብ ንነውሕ ጊዜ አዕርኺቱ ኮይኖም ይጸንሑ እሞ ኣብ መጨረሻ ቀተልቲ ንሳቶም ይኾኑ እዚ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ናይ ፖሎቲካ ኩነታት ኢና እንርእዮ። ስራሕ ስለያ ኣብ ጭካኔ መሰረት ዘልአ እዩ። ነዚ ስራሕ ዝገብሩ ብዙሕ ጊዜ ንሕይወቶም ኣብ ዘስግእ ኩነት አንቢሮም እዮም ዝገብርዎ፥ ይሁዳ እሙን ተመሲሉ ምስ ኢየሱስ ይጉዓዝ ነሩ ኣብ መጨረሻ ነቶም ንኢየሱስ ክቐትሉ ዝደልዩ አሕሊፉ ክህቦም ተሰማሚዑ አሕሊፉ ሂብዎም።

ኣብ ቅድሚ ናጽነት ሃገርና ክፍሊ ስለያ ተጋደልቲ ከምኡ ናይ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ኩልና እንዝክሮ እዩ። ማንም ተመሲሎም ንጸላኢ ንኹሉ ነገራቱ አጽኒዖም ነቲ ውግእ ዕዉት ዝገበሩ ክፍሊ ስለያ ዝዓበየ ዕማም ዝገበሩ እዮም። ንአብነት ውግእ ናደው፥ ውግእ ባጽዕ ከምኡ ናይ መጨረሻ ናጽነት ሃገር ክመጽእ እንከሎ ኣብ ዝነበረ ክፍሊ ስለያ ዝገበርዎ ዓቢ ተራ ነርዎ። ናይ ይሁዳ ወላእኳ ከምዚ መልክዕ አይንበሮ ምስ ኢየሱስ ኸም እሙን ኮይኑ አብውሽጢ ምስቶም እሙናት ነሩ፥ ተሓዝ ገንዘብ እዩ ነሩ። ኣብ መጨረሻ ግን ነቲ ጎይትኡን መምህሩን አሕሊፉ ሂብዎ ነዚ ክሕደት ወይ ጥልመት በዛ ናይ ሎሚ ሮብዕ ንዝክሮ።

ዳንተ ዝተባህለ ፍሉጥ ስነጥበባዊ ጸሓፋይ ኢጣልያዊ አብቲ መለኮታዊ ኮመድይ ኣብ ዝብል ጽሑፋቱ ኣብ ግሃነም እሳት ነቶም ከድዓት፥ ነቶም ናይ ክሕደት ኃጢአት ዝገብሩ ፍሉይ ናይ ስቓይ ሓዊ ተቐሪብሎም አሎ ይብል። ንዳነት ናይ ክሕደት ኃጢአት ካብ ናይ ሥጋ ኃጢአት (ህርፋን፥ ሃረርታ ስጋ) ዝኸፍአ እዩ። ሰይጣን ንአምላኽ ክሒዱ ይሁዳ ኸአ ንኢየሱስ ክሒዱ በዚ ምኽንያት ክልቲኦም አብቲ ዝተሓተ ሓዊ ገሃነም እሳት ዘለዉ ይብል። ኣብ ገለ ሃገራት ኤሮጳ ከም ፖላንድ ነዚ ዘመልክት ኣብ ሮቡዕ ቅድሚ ትሣኤ መልእክዕ ሰይጣን ዝለበሰ ኣብ ጎደናታቶም እና ሃረሙን ጸረፉን የዙርዎ።

ክሓዶ ዝብል ኣባ ኣብ ወንጌል አሕሊፉ ሃቦ ይብል እዚ ኸአ ከም አዝማች ተደጋጊሙ ንረኽቦ። ዮሓንስ መጥመቕ አሕሊፎም ሃብዎ፥ (handed over)፥ ንኢየሱስ እውን አሕሊፎም ሃብዎ፥ ክሓደ ዝብል ቃል

አብ ማቴዎስ 26 ፡14-25 ሽድሽተ ጊዜ ተደጋጊሙ ንረኽቦ። አብ ዳሕረዎት ዘመናት ተኸተልቲ ኢየሱስ በቶም ንተልእክኦም ደው ከብልዎ ዝዝደልዩ አሕሊፎም ክህብዎም ክክሕድዎም እዮም። አብ ሕይወትና ዝኸሓዱና ዝጠለሙና ክንደይ ኮን ይህልዎ።

ይሁዳ ንኢየሱስ 30 ብሩር ገንዘብ ክረክብ እዩ ክሒድዎ። ማቴዎስ ጥራሕ እዩ ነዚ ዝጠቅስ። እዚ ኸአ ካብ ዘካርያስ 11፡11-13 ነቲ ብሃቢ ዝተነጽገ ዓሳ ዘካርያስ ንሓደ ዓሳ ዝውሃብ ደሞዝ እዩ። ሽው እግዚአብሔር ነቲ ገንዘብ አብ ቤተ መቕደስ ክድርብዮ ከም አምሳል ናይ እግዚአብሔር ምንጻግ መቶም ዝነጸግዎ እዩ።  ይሁዳ ኸአ ልክዕ ከምኡ ነቲ ገንዘብ ክመልሰሎም ምስ ሓተተ ምቕባል ስለ ዝአበይዎ አብ ቤተ መቕደስ ደርብይዎ።

ሰባት ንገንዘብ እንታይ ይገብርዎ? ይሁዳ ንበይኑ አይኮነን። እቲ ንሱ ዝገበሮ ዕለት ዕለት ዝግበር ዘሎ እዩ። አነ እውን ንኢየሱስ ክሒደዮን አሕሊፈ ብዙሕ ጊዜ ሂበዮ እየ። ይሁዳ ዝገበሮ ብዝተፈላለየ ምገዲ ንሕና እውን ንገብሮ ኢና። ንኢየሱስ ዝገበረልና ረሲዕና አብ ክሕደትን ጥልመትን እንነብር ክንደይ ኢና። ሎሚ ክንእምነ ንሕተት አሎና። አብ ቅድሚ አምላኽ ተምበርኪኽና በዲለ ኢልና ብኽፍአትና ንተአመን።

አብ ወንጌል ማቴዎስ 26፡24 ብዛዕባ ክሕደት ይሁዳ ክዛረብ እንከሎ እቲ ሰብ እትስ እንተ ዘይውለድ ምሓሾ ነይሩ ይብል። ስለምንታይ? ምኽንያቱ ይሁዳ ነቲ ሓቂ ብዛዕባ ኢየሱስ ይፈልጦ እዩ፥ ግን ክሒድዎ ድሕሪኡ ኸአ ሕይወቱ አሕሊፉ። ቤተ ክርስትያን ይሁዳ አብ ገሃነም እሳት አሎ ኢላ አይአወጀትን። ግን አብ ቃል ኢየሱስ መሰረት ብምግባር ይሁዳ ብዘይ ጣዕሳ መይቱ እንተ ኾይኑ አብ ገሃነም እሳት ክህሉ ይክአል።

ይሁዳ ብኃጢአቱ ተጣዒሱ መይቱ እንተ ዝኸውን መተማሕረ ነሩ። ቅድሚ ምማቱ ዘድሕን ጸጋ ንእኡ ውን ተዓዲልዎ ነሩ እዩ። እቶም ኩሎም አብ ገሃነም እሳት ዘለዉ እቲ ዝኸበደ መቕጻዕቶም ንዘለዓለም ገጽ አምላኽ አይክርእዩን እዮም። ኵሎም እቶም አብኡ ዘለዉ ዕረፍቲ ብዘይብሉይ ኩሉ ጊዜ ምስተጨነቑ እዮም፥ ምጭናቕም ከአ ካብ አምላኽ ብምፍላዮም እዩ። ንአምላኽ ብሕይወቱ ዝኽሓደ ሰብ እንተ ዘይተነስሐ ዕጭኡ ገሃነም እዩ። እዚ ከሕስበና አለዎ ንምፍርራሕ ዘይኮነ ካብ አምላኽ ተፈሊና ሕይወትና ክንውድእ አይግባእን እዩ፥ ስለዚ ንመለስ ምሕረት ንሕተት።

ይሁዳ ከምይ ኢሉ እዩ አብ ከምዚ ክሕደት በጺሑ? ንሱ ንኹሉ ሓዲጉ ንኢየሱስ ተኸቲሉ ከንሱ ብ30 ብሩር ክብል አብ ሞት ዘብጽሕ ክሕደት ፈጺሙ። ናይ ይሁዳ ናይ ጥፍአት ጉዕዞ አብቲ ምስጢራዊ ምኗኑ እዩ። አብቲ መጀመርያ ሓዋርያውነቱ ምስ ኢየሱስ ከም ኩሎም ሓዋርያት ከምድላዩ ዝሓትት ቅኑዕ አብ ኩሉ ዝዋሳእ፥ ሓሳቡ ዝህብ ሓሳብ ካልኦት ዝቕበል፥ መጻኢታቱ፥ ሃረርታኡን ከምኩሎም ሓዋርያት ዘፍርሖ ነገራት ዝነበሮ ሰብ እዩ ነሩ ዝኸውን። ድሕሪኡ ቀስ ብቐስ ይሁዳ ኩሉ ዘድከሞን ዝሸልተዎን እናኾነ እዩ መጺኡ። ነገራቱ ገንፊሉ ክወጽእ ዝጀመረ ወንጌል ከምዝብለና ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ሰበይቲ ንኢየሱስ ብክቡር ዋጋ ዝሸየጥ ዘይቲ ገራ እግሩ ክትሓጽቦ ምስ ረአየ ክንድዚ ዝአክል ክቡር ዘይትስ ተሸይጡ ንድኻታት እንተ ዝውሃብዶ አይምሓሸን እናበለ ክጉረምርም ተሰሚዑ (ዮሓ 12፡1-8) እዚ ዝበለ ይብልና ዮሓንስ ወንጌላዊ ሰራቒ ስለ ዝኾነ እዩ እምበር ንድኻታት ሓልዩሎም አይኮነን ተኃዝ ማኅፉዳ ስለ ዝነበረ ካብቲ አብኡ ዝአተወውን የልዕል ነበረ እናበለ እንታይ ይገብር ከምዝነበረን ከመይ ዝበለ ሰብ ከምዝኾነ ይነግረና።

ይሁዳ ሓንሳብ ብመንፈስ ካብ መምህሩን ብጾቱን ምስ ተፈለ ኣብ ጥቕሚ ገዛእ ርእሱ እዩ ክኣቱ ጀሚሩ። ነገራት ኩሉ ክበላሸዎ ጀሚሩ ኣብ ውሽጡ ንዝስምዖ ዝነበረ ከም ፈተና፥ ፍርሑ፥ ቃልሱ ድኽመቱ ወይ ውድቀቱ ክሓብእ ጀሚሩ። ሰብ ኣብ ክፉእ ነገር ክወድቕ እንከሎ ዝገብሮ ሰባት ከይፈልጥዎ ይሓብእ ክፍለጥ ኣይደልን። ንኣብነት ሰብኣይ ክፉእ ክገብር እንተ ጀመረ ወይ እውን ሰበይቲ መጀመርያ ዝገብርዋ ክተሓባብኡ ይጅምሩ ነዚ ጠባይ ብኣጋ ክፈትሕዎ እንተ ዘይክኢሉ ስድርኦም ኣብ ዓቢ ጸገም እዩ ዝወርድ። ኣብ ግላዊ ሕይወትና እንተ ርእና እውን ከምኡ ኢና እንገብር። ንዝኾነ ነገር ከይዓበየ መንቀሊስካ ምኽኣል የድሊ ይሁዳ ኣብ መጀመርያ ስለ ዝወደቐ እሞ ስለ ዘይተመልሰ ኣብ ክሕደት መምህሩ በጺሑ።

ተምሳሳሊ ነገራት ነፍሲ ኣብ ምዝውታር ምስጢረ ኑዛዜ ወይ ንስሓ ደጋጊምካ ምዝውታር ምስ ደኸመት ወይ እውን ጨሪሻ ምስ ኣቋረጸት ይገጥም እዩ። ገለ ሰባት ምስቲ ምስጢራዊ ዝኾነ ኃጢኣቶም ምንባር ይለማመድዎ ሽዑ ምስ ሚስጢሮም ይነብሩ እዚ ኸኣ ንነፍስን ሕልናን ይቐትል። ምስ ኃጢኣቱ ክነብር የሰማምዖ ሽዑ ነፍሲ ትምረዝ። ቤተ ክርስትያን ብኣንጻሩ ኩሉ ጊዜ ክንናዘዝ ትነግረና። ኣብ ቅድሚ ካህን ተንበርኪኽና ብዝገበርናዮ ኃጢኣት ጥራሕ ዘይኮነ በቲ ኩሉ ዝተፈተናዮን ቃልስናን ከይተረፈ ክንስሖ ይግባእ። እዚ ዓይነት ትሕትና ንሰይጣን ዕጥቁ ከምዝፈትሕ ይገብሮ እሞ ኃይሊ ከም ዘይብሉ ይኸውን። ብኣንጻሩ ኃጢኣትና እንተ ዘይተናዘዝና እንተ ሓባእናዮም ኣብ ሕይወትና ነቲ እኩይ እግሩ ዘንብረሉ ዕድል ንህቦ። ኃጢኣትካ ዘይምንሳሕ ኩሉ ጊዜ ካብ ኣምላኽ ኣብ ጓና ምዃንን ጽልኣት ኣብ ቤተ ክርስትያንን ካልኦት ኣሕዋትናን ከም እነሕድር ይገብረና።

ይሁዳ ብኃጢኣትን ፈተናን ምስተሸነፈ ብርግጽ ምስ ኢየሱስ ምዝራብ ኣቋሪጽዎ ክኸውን ኣለዎ ወይ ክኣ ቀለዓለም ዘልኦ ብዛዕባ ገንዘብ ዝርኢ ጥራሕ ይዛረቦ ነሩ ይከውን እዩ። ምስ ኢየሱስ ዘራኽቦ ግላዊ ሕይወት ምሕዝነት ኣቋሪጽዎ ፥ ከም ዓርኩ እሙኑ ዝቐርቦ ዝነበረ እናረሓቐ ከይዱ። ንኣና እውን ኃጢኣት ሓንሳብ ኣብ ልብና ኣትዩ ክስዕርር እንተ ጀመረ ከምኡ እዩ ዝገብረና። ሰይጣን ዕድል ክንህቦ የብላንን።

ኣብዚ ሶምን ሕማማት ነቲ ይሁዳ ዝገበሮ ንዝክር እዚ ኸኣ ንሕማማት ኢየሱስ ብዕምቆት ምእንቲ ክንርዳእ እዩ። ንሕና እዋን ዝተፈላለየ ክሕደታት ስለ እንገብር ሎሚ ብፍሉይ ክንጥንቀቕ ከሓድቲ ኮና ከይንህሉ እሞ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ሓደ ካብቲ ብፍሉይ ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ስሳዐ ከይመልከና እዩ፥ ስሱዕ ሰብ ኃጢኣቱ ኣብ ውሽጡ ይሓብእ እሞ ዕድል ምስ ረኸበ ነቲ ዝኸፍአ ኃጢኣት ክገብር ቅጭጭ ኣይብሎን፥ ኣብ ስርቂ ኣብ ምዕማጽን ኣብ ኣነ ዝረብሓሉ ዝብል መንፈስ ስለ ዝኣቱ ዝክኣሎ ዓመጽ ክሕደት ይፍጽም። ይሁዳ ካብቲ ብሓላፍነት ዝተዋህቦ ገንዘብ ይሰርቕ ነሩ እዩ፥ ምናልባት እዚ ኣብ መጀመርያ ከምኡ ኣይነበረን ክኸውን ይክእል እዩ ግን እናዓበየ ምስ ከደ ኣብ ዓቢ ክሕደት ኣብጺሕዎ። ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ጽልኣት ክስስን ክዓቢ ክነፍቅድ የብልናን ምኽንያቱ ተኀዳእቲ ንሕና ስለ ዝኾና። ኃጢኣትና ዘይንንሳሕ ዘይንእመን ከይንኸውን፥ ኣርከበሉ እናበለና ከይተነሳሕና እዋን እንተ ገበርና ብኡ ኣቢሉ እዩ ዝበላሸወና። ነገራት ከይሳዕረረ እንተ መንቀስካዮ እምበር ሱር ምስ ሰደደ ወላ ሓንቲ ክንገብር ኣይክኣልን እዩ። ንዝኾነ ኃጢኣትን ክፉእ ግብርን ብእዋኑ ካባና ክንኣልዮ እንከሎና ጥራሕ ኢና እንዕወት።

ካብ ጽባሕ ኃሙስ ጀሚሩ ፍሉይ ጸሎትን ተዘክሮን ክንአቱ ኢና። አብዘን ዝስዕባ ዕለታት ብፍሉይ አምላኽ ዝገበረልናን ዝበለናን ክንርኢ ክነስተንትን ኢና። ነቲ ኩሉ ኀይታና ምእንታና ዝገበሮ ብፍሉይ ከአ ነተን አብ መጨረሻ ሕይወቱ ዘርእዮ ፍቕሪ ክነስተንትን ኢና። ነቲ ምእንታና ዝረኸቦ መከራ ዘርአዮ ትዕግስትን ትሕትናን አብ ውሽጢ ልብና አእቲና ክነስተንትን ኢና። ከምቲ ቅ. ጳውሎስ ዝብለና ንሱ ንኹሉ ክብደት ኃጢአትና ክሕደትና፥ ክፉእ ዝንባሌ ኃጢአትና ሃረርታና፥ ንአይ ጥራሕ ይጥዓመኒ፥ ስሳዐ፥ ትዕቢትና ኩሉ ጸሩ ወላ ሓደ ኃጥአተኛ ከይመውት ሞተ።

አብኡ ክንምለስ እሞ ሕይወት ዘለዎም ክንከውን ይግብአና። ሰብ አብ ክፍአትን ኃጢአትን ክነብር እንከሎ ብሕይወቱ እንከሎ ዝሞተ እዩ፥ ብመንፈስ ይመውት። ኢየሱስ ካብዚ ሞት እዩ ነጻ አውጺኡና። ነዚ ክነስተንትን እንተ ኸአልና ክንሳሕ አይኽኸብደናን እዩ። ሓንትስ ትሕትና ገርና አብ ቅድሚኡ ንምበርከኽ እምበር ከተንሥአና ክዕረቐና ጸገም የብሉን፥ ንሱ እታ እንንስሓላ ዕለት እዩ ዝጽበ ዘሎ።

ስቓይቱን አባና ዘለዎ ፍቕሪ ክነስተንትን እንከሎና እቲ አብ ወንገል ዘሎና እምነት ክበዝሕን ሓቂ ዝሓዘን ክኸውን አለዎ ምኽንያቱ ከምኡ ምስ እንገብር እዩ ብዝያዳ ክንፈልጦ፥ ክንቀርቦ፥ ክነፍቅሮ፥ ክነገልግሎ፥ ዕድል ዝኸፍተልና።

አብዚ ቅዱስ ሶምን እምብአር ጾምና ዝያዳ እምነት አብ ኢየሱስ ገርና ምስኡ ድልዱል ርክብ ክንገብር እምበር ቀለዓለም ዘለዎ ብአፍና እናለፍለፍልና እንገብሮ ርክብ ከይከውን ክንጥንቀቕ አሎና። ልብና ንኽፈተሉ ሽው ንሱ ነቲ ዝቐሰለ ልብናን ጸገማትናን ክርኢ እሞ ክፍውሰና ክሕግዘና እዩ። ከም ይሁዳ ልብና ስሳዕ ንአይ ይጥዓመኒ እንብል ዘይኮነ ንኢየሱስ ብፍቕሪን ብሕያውነትን ክነገልግሎ ከምኡ እንተ ዘየለና ሕጂ እውን አይደንጎናን ንግበሮ።

አብዘን ሰለስተ መዓልታት አብ ኢየሱስ ክንቀርብ ንዕደም አሎና። ኢየሱስ ኩሉ እቲ ዝገብሮ ናይ ስቓያትን ሕማሙን ጉዕዞ ደልዩ ካብ ፍቕሪ ተላሊዒሉ እዩ ዝገበሮ፥ እዚ ኸአ ንሕና አብኡ ክፍሊ ክህልወና ደቂ ድሕነት ኮና ወረስቲ መንግስተ ሰማይ ክንከውን ኢሉ እዩ ዝገበሮ። አብዚ ህድእ ኢልና ጊዜ ንውሰድ ንኢየሱስ ክንክተሎ ክንስዕቦ ምስኡ ንጉዕዞ ቀራንዮ ንጉዕዞ ድሕነትና ክንአትዎ። ምሳይ መስቀል ጹር ንዝብል ዘሎ ኢየሱስ ከም ስምዖን ቀረናዊ ሕራይ ኢልና ንሰከም።

አምላኽ መገዲ ድሕነት ብመስቀል እዩ ደልይዎ ካልእ አይሃበናን፥ ብዝሃበና መገዲ ክንጉዕዝ ከሎና ጥራሕ እዩ ድሕነትና ዝረጋገጽ። ካልእ ጓል መገዲ ክንደሊ ጊዜና ከነሕልፍ ምስትውዓል የድልየና።

ቅድስና ሰላምን ምሕረትን ዘውርድ ሶምን ሕማማት ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ።